**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ**
**ደብረ ሰላምመድሓኔ ዓለምቤተክርስትያን**
**ኣምስተልፈን- ኣምስተልላንድ**
**ሆላንድ።**

**Eritrean Orthodox Tewahdo**
**MedhanieAlem kerk**
**Amstelveen -Amstelland**

**1 ጥሪ 2010 ዓ.ም.ግ.**
**9 ጥሪ 2017**

**ደ/ሰ/ማኣ/ኣ 2010-38**

በስመ ኣብ፡ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ። ኣሜን።

ትብጻሕ ናብ ኩልኹም ኣብ'ዚ ሓጺር ዓመታት ናብ ሃገር ሆላንድ ዝመጻእኩም ኤርትራውያንን፡ ምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያንን፣

ብመጀመርታ መንፈሳዊን ሕውነታዊን ሰላምታና ከነምሓላልፈልኩም ንፈቱ።

ቀጺልና ከኣ እዚ ዝስዕብ ኣገዳስሲ ሓበሬታ ከነመሓላልፈልኩም ንደሊ፥
እቶም ኣብ ሓጺር ዓመታት ናብ'ዚ ሃገር ሆላንድ ዝመጻእኩም ኤርትራውያን፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ነዚ ሃገር ኣጋይሽ ስለ ዝኾንኩም፡ ብዙሕ ዝጠቕመኩምን ዝጐድኣኩምን ነገራት ኣጸቢቕኩም ዘይትፈልጡዎ ክህሉ ከም ዝኽእል ርጉጽ ኢዩ። ስለ ዝኾነ ከኣ ብሓልዮት መንግስቲ ነዘርላንድ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣከባቢታትን (regio's) ምምሕዳር ከተማ ኣምስተርዳምን፡ ብምትሕብባር GGD & Pharos ዝተዳለወን ዝካየድን ዘሎ መደብ "ጥዕና ንኤርትራውያን"፡ ኣብ ቤተ ክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔ ዓለም ሓበሬታን ትምህርቲን ክዋሃብ ምዃኑ፡ ከነፍልጠኩም ንደሊ። እዚ መደብ'ዚ ኣቐዲሙ "ጥዕና ንሶርያውያን" ብዝብል ተኻይዱ ብዙሕ ጥቕሚ ዝተረኽቦ ስለ ዝኾነ፣ ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ከኣ፡ ካብ መስከረም 2017 ጀሚሩ ንኤርትራውያን ክውሃብ ጀሚሩ ዘሎ ኢዩ። ነዚ መደብ እዚ ዕዉት ንምግባር ክልቲኦን ትካላት ምስ ሰበኻ ጉባኤ ብዝገበርኦ ተደጋጋሚ ርክብ፡ ኣብ ናይ ሓባር ኣስራሒ ነጥቢ በጺሐን፣ ንዕለት 27 ጥሪ 2018 ኣብ ደብረሰላም መድሓኔ ዓለም ድሕሪ ቅዳሴ ክካየድ ተምዲቡ ኣሎ።

ጥቕሚ ናይ'ዚ ትምህርቲን ሓበሬታ ንምጥቃስ ዝኣክል፥
-ብቋንቋ ትግረኛ ዝገልጹ ተርጐምቲ ኤርትራውያን ዝካየድ ስለ ዝኾነ፡ ንምርድኡ ዝቐለለ ምዃኑ
-ክንክን ጥዕና ንዓበይቲን ንሕጻናትን ዝምልከት ትምህርቲን፡ ኣገዳሲ ሓበሬታን (ሕማም ካብ 'ቫይረስን ባክተርያን' ጥራሕ ኣይኰነን ዝመጽእ)
- ካብ ዝለምድካዮ ኣመጋግባ፡ ምስ ዘሎኻዮ ኣከባቢ ዘሎ ትሕዝቶ መግቢ ምልላይን ጥቕሙን ጉድኣቱን ምፍላጥ
- ጥቕሚ ትምህርቲ ቋንቋ ነዘርላንድ፣ ሞያዊ ትምህርቲን ማሕበራዊ ጉዳያትን ዝምልከት
- ነፍሴወከፍኩም ክሓቶ ዝደሊነገራት፡ ብኣካል ነቶም ኣፍልጦ ዘለዎም ሰባት ክሓቶም ይከኣል
-...ወዘተረፈ

እዚ መደብ'ዚ፡ ብፍላይ ነቶም ፊደል ዘይቄጸሩ ኣሕዋትን ኣሓትን ኤርትራውያን፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ከም ኢንተርነትን ውብሳይታትን ኣትዮም ክንብቡ ዘይክእሉ፣ ብኣፍ ስለ ዝግለጸሎምን ብዙሕ ጠቕሚ ዘለዎ ምዃኑ GGD & Pharos ኣስሚረናሉ ኣለዋ። ግን ከኣ ንኹሉኹም ክትሳተፍዎ እትደልዩ፡ ኣብ ነዘርላንድ ነባራት ተቐማጦ ዝኾንኩም እውን፡ ብብዙሕ መንገዲ ክግለጽ ዝኽእል ጠቕሚ ስለ ዘለዎ፣ ንካልኦት ክትሕግዙ እውን ስለ ዝጠቅም፡ ተሳታፍነትኩም፡ ኣገዳሲ ምዃኑ ክንገልጽ ንፈቱ።
ንዘይሰምዑ ከም ዝሰምዑ ብምግባር (ብምሕባር) ሓደራ ንተሓባበር።

***ሰበኻ ጉባኤ ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም***
Email:
debreselammedhaniealem@gmail.com
**Amstelveenseweg-965**
**1081JG Amsterdam**
**Nederland**